DANISH HEALTH AUTHORITY

[corona | covid-19]

[ tigrinsk ]

# ምልክታት ናይ ኮቪድ-19 ንዘለዎ ኣገዳሲ መምርሒ

## ናይ COVID-19 መፍለይ ምልክታት ሕማም

ናይ COVID-19 መፍለይ ምልክታት ሕማም

- ረስኒ
- ደረቕ ሰዓል
- ናይ ምስትንፋስ ጸገም
- ናይ መቐረትን ናይ ምሽታትን ስምዒት ምጥፋእ
- ናይ ድኻም ስምዒት
- ናይ ጎሮሮ ምቑሳል

## ምልክታት ናይ ኮቪድ-19 እንተለኪ፣ እንታይ ክገብር ይግባእ?

### ንበይንኻ ተወሸብ

- ካብ ገዛ ዘይምውጻእ። ናብ ስራሕ፣ ቤት-ትምህርቲ፣ ትካል ምንቅስቃስ፣ ዕዳጋ ወ.ዘ.ተ. ዘይምኻድ።
- ምስ ሓቢሮም ምሳኻ ዝነብሩ ሰባት ናይ ቀረባ ርክብ ኣወግድ።
- ንሓጺር እዋን ካብ ገዛኻ ምውጻእ ኣድላዪ ምስዝኸውን፣ ንኣብነት ምርመራ ንምግባር፣ ናይ CE ምልክት ዘለዎ ማስክ ምግባርካ ኣረጋግጽ።

### ኣብ ጽሬትን ንጽህናን ኣተኩር

- ኣብ መዓልቲ ደጋጊምካ ኣእዳውካ ብማይን ሳምናን ተሓጸብ፣ ከምኡ ድማ ሽጎማነ ምስ ካልኦት ኣይትካፈል።
- ገጽኻ ምትንኻፍ ኣወግድ። ክትስዕል ወይ ክትህንጥስ እንተኾይንካ ኣፍካን ኣፍንጫኻን ብእጅገኻ ወይ ድማ ብዝጎሓፍ ሶፍት ሸፍን።
- ግዜ ተሕልፈሉ ክፍሊ ገዛ መዓልታዊ ክጸረ ኣለዎ። ዝለመድካዮም ናይ ጽሬት ፍርያማት ተጠቐም።
- ኵሉ ኽፍልታት ኣብ መዓልቲ ብተደጋጋሚ ኣየር ከም ዝኣትዎ ግበር።

### ናይ ምርመራ ቆጸራ ሕዝ

- ናይ ኮቪድ-19 ክኾኑ ዝኽእሉ ምልክታት ሓማም እንተለካ፣ ግን ከኣ እቲ ዝስምዐካ ኣዝዩ ዘይተጋነነ እንተኾይኑ ማለት ናብ ሓኪምካ ዘኽይድ እንተዘይኮይኑ፣ ኣብ coronaprover.dk ናይ PCR ምርመራ ቆጸራ ሕዝ።
- ኣዚኻ እንተሓሚምካ ወይ ተረቢሽካ ናብ ሓኪምካ ደውል። መጀመርያ ምድዋል ኩሉ ግዜ ኣይትረስዕ – ቅድሚ ቆጸራ ምሓዝካ ናብ ሓኪምካ ብፍጹም ክትኸይድ የብልካን።

## ውጽኢት ናይ ምርመራ መዓስ እየ ክፈልጥ?

ውጽኢት ናይ'ቲ ምርመራ ኣብ sundhed.dk ክትርእዮ ትኽእል ኢኻ። ከምኡ'ውን ናብ ሓኪምካ ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

ኣዎንታዊ ውጽኢት ምርመራ፥ ኣዎንታዊ ውጽኢት ምርመራ ማለት በዚ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ <u>ተለኺፍካ ኣለኻ</u> ማለት እዩ። ናይ ቀረባ ርክባትካ ንምልላይ ድማ ካብ Coronaopsporing ሓደ ወኪል ክረኽበካ እዩ። ነቶም ምሳኻ ናይ ቀረባ ርክብ ዝነበሮም ሰባት ናይ መልከፍቲ ትኽእሎ ከምዘለዎም ምሕባሮም ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ቤትካ ኽትጸንሕን ርእስኻ ክትውሸብን ኣሎካ።

ድሕሪ ደጊም ርእስኻ ክትውሸብ ኣየድልየካን እዩ

- ን 48 ሰዓታት ካብ ዝኾነ ምልክታት ነጻ እንተኾይንካ።
- እንድሕር ድኣ ድሕሪ 10 መዓልትታት ምሕማምካ ን48 ሰዓት ካብ ረስኒ ናጻ እንተ ኼንካ (ከም ፓኖዶል ዝኣመሰለ ረስኒ ዘቕልሉ መድሓኒት ከይተጠቐምካ) እንድሕር ድኣ ኣጸቢቑ ሒሹካ ከምኡ ውን ፍኹስ ዝበሉ ምልክታት እንተ ኣልዩካ ንኣብነት ድኹም ናይ ምስትምቓርን ሽታን ስምዒት፣ ቍሩብ ምስዓል፣ ድኻም ዝኣመሰለ  ጥራይ እንተኾይኑ።

ዝያዳ ንምንባብ ነቲ ፓምፍለት ተመልከት*በዚ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ንዝተለኽፈ ኣገዳሲ መምርሒ*።

ኣሉታዊ ውጽኢት ምርመራ፥ ኣሉታዊ ውጽኢት ምርመራ ማለት ካብ'ዚ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ <u>ነጻ ኢኻ</u> ማለት እዩ። እዚ ዋላ እንተኾነ ናይ ተላባዒ ሕማም ምልክታት እንተለካ ኣብ ገዛ ክትውሸብ ኩሉ ግዜ ምኽርና እዩ።

## እቶም ምሳይ ዝነብሩ'ኸ እንታይ ክገብሩ ኣለዎም?

ውጽኢት ናይ'ቲ ምርመራ ክሳብ ትፈልጥ፣ እቶም ምሳኻ ዝነብሩ ሰባት ናብ ስራሕ፣ ቤት-ትምህርቲ፣ ዕዳጋ ወ.ዘ.ተ. ከም ልማዶም ክኸዱ ይኽእሉ እዮም። እዚ ይኹን እምበር ካባኻ ርሕቀቶም ክሕልዉ ኣለዎም፣ ከምኡ ድማ ንጽሬትን ምልክታት ንባዕሎም እንተማዕቢሎምን ፍሉይ ኣተኩሮ ክህቡ ኣለዎም።

**ብፍሉይ ንህጻናት ዝምልከት**

ህጻናት ዝበዝሐ ግዜ ቀለልቲ ምልክታት ናይ ኮቪድ-19 ጥራይ እዮም ዘማዕብሉ፣ ግን ከኣ ማዕረ ዓበይቲ ነቶም መምርሒታት ክኽተሉ ኣለዎም። ስለዚ ድማ ምልክታት ናይ ኮቪድ-19 ዘለዎም ህጻናት ኣብ ገዛ ክጸንሑን ክምርመሩን፣ ከምኡ'ውን ማዕረ እቶም ኣዎንታዊ ውጽኢት ዘለዎም ዓበይቲ መምርሒታት ክኽተሉ ኣለዎም። እቲ ህጻን ትሕቲ 2 ዓመት እንተኾይኑ ግን ነቲ ሓኪምካ ደውለሉ።

ህጻናት ፍቅርን ክንክንን ከምኡ'ውን ኣካላዊ ቅርርብ ከም ምሕቋፍን ምእባድን ከምዘድልዮምን እዚ ድማ ካብ ርሕቀት ምሕላው ንላዕሊ ኣገዳሲ ምዃኑን ብኽብረትካ ኣይትረስዕ። ምልክታት ዘለዎ ንስኻ ወይ'ውን እቲ ውላድካ ዋላ እንተኾነ፣ እዚ ኣቓዲሙ ዝተገለጸ ይምልከት እዩ።

ብዛዕባ ህጻናት ዝያዳ ንምንባብ ኣብ ዌብሳይትና ወይ ኣብ'ቲ ፓምፍለት ተመልከት።

ምንጪ፥ *ናይ ኮቪድ-19 ምልክታት እንተለካ ክትገብሮ ዝግባእ* *08.04.20*